


ሃገራዊ መትከልናን ዒላማናን ዘሰንበዱ
ብጽቡቕ ስራሕናን ተግባርናን ክንምዕዱ
ምእንቲ ክንጥምት ንነዊሕ ንግዕዱ
ቃልናን ጽሑፍናን ብሓባር ከነዋሃህዱ
ክፈልጥ ንሐደ መንእሰይ ረኺበ ኣዕሊለ
ንኹነታቱ ሐቲተዮ ከመይ ኣለኻ ኢለ
እወ ደሐን ጽቡቕ ኣለኹ ኢሉኒ
ኮልተፍተፍ እንዳበለ ንዓውን
ንስካ ከመይ ኣለካ ኢሉ ሐቲቱኒ
ኣነውን መሊሰሉ ወርቂ ጽቡቕ ኢለ
ዕላልና ቀጺልና ብዛዕባ ዩኤን ዘለናዮ
ብዛዕባቶም ለፍለፍቲ ሓሳዳት ወየወዮ
እቲ መንእሰይ ርኢኻ ንሃገር ንስዉኣትና ረሲዕም
ንውልቃዊ ረብሐ ምስደቂ ጓና ተጸጊዕም
ሃገር ከለና ምስወያኔ ሐደኮይኑ ሰርሖም
ኣይገርመካንዶ እገዳ እገዳ ኮይኑ ደርፎም
ኢሉ ምስ ሐተተኒ
ሐቅኻ መንእሰይ ጽቡቕ ኣለኻ
ጥራሕ ንስኻ ኣይትሕመቕ እመን ብነብስኻ
ክሐልፍዩ ኣይትሕመቕ ብስራሕ ትምህርትኻ
ጽንዓት ወሳኒዩ ክትውንን ሃብትኻ
ድሓር ከኣ እቶም ብዕድሎም ዘይጥምቱ ንነዊሕ
ክኣምኑ ኣይተዓደሉን ለይቲ ከምዝወግሕ ጽባሕ
ዝመጸ ይምጻእ ክሐልፍዩ ኩሉ ብትምህርቲ ብስራሕ
ምስ በልኩዎ
እቲ መንእሰይ ኩሉ ነገሮም ተጸጊያም ምስደቂ ጓና
ንዓና ንደቂ ሃገር ዘይኮነ ክምህሩና
ብስም ዲሞክራሲ እገዳ እንዳበሉ ዘጽሙሙና
እቶም ዲሞክራሲ ኣለና ዝብሉና
ፍትሕን ናጽነትን ተረጊጾን እንዳረኣና
ብስም ዲሞክራሲ ክንሸይጥ ንሃገርና ?
ማሕላናዩ ስዉኣትና ይሙቱ
ከምዚ ዓይነት ዲሞክራሲ ኣባና ከምዘይኣቱ
ኩሉ ኤርትራዊ ሐደዩ ጽኑዕዩ እምነቱ
ምስበለኒ

ኣነውን ጽቡኞ ኣለኻ ንፋዕ
ክትርእዮም ሰብ ጽቡኞ ይመስሉ
ምስእሶኸ ተጸጊዕም ዋይዋይ ክብሉ
ራእዮም ጸልማት እምነት ዘይውንኑ
እንጉይ እንጉይ ጥራሕ ምስትውዓል ዘይህቅኑ

ምስ በልኩዎ

እቲ መንእሰይ ቅጽል ኣቢሉ
ንዓና ሃገር ሃገርዩ ናይ ኩልና
ከም ኢድን ጓንትን ኮይና ሐቢርና
ምእንቲ ከይንጠፍእ ክነብር ንሕና
ክትነብርውን ኤርትራዊት መሬት ሃገርና
ብቓልን ብተግባርን ክንምክት ኣለና
ሐደራና ከነኽብር ኣብትሕቲ ስዉኣትና
ጽንዓትን መኸተን መሰረትዩ ናይ ዓወትና

ምስበለኒ

እወ መንእሰይ ሐቅኻ ንስዩ ራእይ ናይ ኩልና
ንንኣስ ንዕበ ፍልልይ የብልናን ሐደዩ እምነትና
ናጽነትናን ጸጋ ሃገርና ክንውንን ባዕልና
በዚዩ ዓይኖም ደም ዝመልኦም ጸላእትና
ኣብ መትከልና ጥራሕ ንጽናዕ ብሓባር ኣጆና
ፍጥረትና ኤርትራውያን ዓወትዩ ስምና
ቃልስና ከነሓይልን ክንምክትን ተሰማሚዕና
ምስቲ መንእሰይ ጽናዕ ንጽናዕ ተባሂልና ተፈላሊና
ምእንቲ ሕድሮም ከነኽብር ናይ ኩሎም ስዉኣትና
ሐድነትና መሰረት ናይ ኩሉ ምኳኑ ፈሊጥና

ዓወት ንሓፋሽ
ስዕረት ንኹሎም ጸላእትና
ብርሃነ ገብረመስቀል
15-03-2010